ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰ-ባይቶ
ቤ.ጽሕፈት ኣቦ-መንበር

جبهة التحرير الارترية - المجلس الثوري
مكتب الرئيس

ERITREAN LIBERATION FRONT/ELF-RC
CHAIRMAN OFFICE

# ናይ ጽንዓት መልእኽቲ

ክብርቲ ተጋዳሊት ኣድሓነት ዓንዱ፣ ኣብ መዳይ ናጽነታዊ ተጋድሎ ይኹን ኣብ መዳይ መኸተ ንኣግእዞ ደቀንስትዮ ብቅድመ-ግንባር ደረጃ፣ ክብ ብዝበለ ደረጃ ኣብነታዊ እጃም ከተበርክት ድሕሪ ምጽናሓ፣ ካብ መንጎና ብሞት ምፍላያ ኣዝዩ ኣሰንባድን ኣሕዛንን ተረኺቦ ክኢዩ።

እዚ ንሓርበኛውያንን ዲሞክራስያውያንን ኤርትራውያን ክሳራ ኢዩ።

ተጋዳሊት ኣድሓነት ዓንዱ ብፍላይ ንደቀ-ንስትዮ ኤርትራ፣ ብናይ መላእ ህይወት ቃልሳዊ ተመኲሮኣ ኣቢላ፣ ናይ መኸተን ቃልስን ነብሰ-ምትእምማንን ርእሰ-ምርኮሳን ኣብነታዊ ውርሻ ካብ ዝገደፋ ክቡራት ብጾትና ሓንቲ ብምዃና ንመጻኢ ወለዶታት ደቀንስትዮና ሓበንንን ገድላዊ ኣርኣያን ከምዝኾነት፣ ህዝብና ዝዕቅቦ መኽሰብ ኪኸውን ኢዩ።

ኣብዚ ናይ ፈነዋ ሰዓትዚ፣ ንመላእ ስድራ ቤት ብጸይትና ኣድሓነት ዓንዱ ብቃልሳዊ ተራኣ ሓበን ኪስምዖም ካብ መንጎና ብሞት ምፍላያ ድማ ጽንዓት ኪረኽቡ እናተተምነና፣ ንሕና ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ ናይ ሓዘኖም ተኻፈልቲ ምዃንና ንገልጽ።

ዝኽርን ክብርን ንሰማዕታትና
ዓወት ንፍትሓዊ ተጋድሎ ህዝብና

ሥዩም ዑቕባሚካኣኤል
ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ሽማግለ
12.04.05